# ጽልኢ/ኣድልዎ ሓብሩ

ኣብ እዋን ዓለማዊ ለበዳ ኮቪድ-19 ኣባላት ሕብረተሰብ ናብ Washington State Commission on Asian Pacific American Affairs (CAPAA) ናብ ተወላዶ ናይ ኤስያን ደሴታት ፓሲፊክን ሰባት (API) ዒላማ ዝገበሩ ተርእዮታት ጽልኢ ኣመሓላሊፎም። ደስ ዘየብል ኣጋጣሚ ኾይኑ፡ CAPAA ኣብ ናይ ጉዳያት ዕዮ ኣይሰርሕን እዩ ከምኡውን ሕጋዊ ምኽሪ ኣይህብን እዩ። ኩሎም ግዳያት ናይ ጽልኢ ዘለዎም ተግባራት እዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ክወስዱ ንምሕጸን፡

**ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ሕክምናዊ ምኽሪ ውሰዱ።**

**ብዝተኻእለ መጠን ድሕሪ እቲ ፍጻመ ኩሉ ዝርዝር ናይ'ቲ ገበን ጽሓፍዎ።**ናይ ፈጻሚ[ፈጸምቲ] ጾታ፡ ዕድመ፡ ቁመት፡ ዓሌት፡ ክብደት፡ ክዳውንቲን ካልእ መለለዪ ጠባያት የእትዉሉ። እንተዳኣ መፈራርሂ ወይ ኣድልዎ ዘለዎም ዘረባታት ተገይሮም ኔሮም ኣብ'ቲ ጸብጻብ የእትዉዎ።

**ኣመልክቱ ኢኹም።**እዚ ኣጋጣሚ ናብ ኣብ ከባቢኹም ዘለው ኣተግበርቲ ሕጊ ኣመልክቱ። ግዳያት ናብ ፖሊስ ክኸዱ እንተዘይደልዮም፡ ናብ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ ከባቢ  ናይ ሲቪላዊ መሰላት/ሓይሊ ዕማም ናይ ሰብኣዊ መሰላት መመልከቲኹም የእትዉ)።ዋላ'ውን ሓደ ኣጋጣሚ፡ ሕጋዊ ትርጉም ናይ ጽልኢ ገበን ኣየማልእ፡ ገና ናብ ዝምልከቶ ትካል ምምልካት ኣገዳሲ እዩ። ብኽብረትኩም ናብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ሓበሬታ ተመልከቱ።

ስተይት፡ ካውንቲን ናይ ከተማን መንግስታትን ካልኦት ትካላትን ቀጻሊ ተግባራት ናይ ጽልእን ኣድልዎን ዝሕበረሉ ቦታ ኣለወን፡ በዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ከይተሓጽረ ከኣ ከም፡

- Washington State Human Rights Commission
  ብመሰረት ሕጊ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ካብ ስራሕ፡ ኣብ ኣባይቲ፡ኣብ ህዝባዊ መንበሪ ወይ ልቓሕን ኢንሹራንን ክሓትት ከሎ ካብ ኣድልዎ ናጻ ንክኸውን መሰል ኣለዎ። ክላስ ናይ ምክልኻል ኩነታት ዘለዎም ሰረት ዝገበረ ዝኾነ ኣድሎዎ ተፈጺሙኒ ኢሉ ዝኣምን ዝኾነ ሰብ ን ኣስራሕቲ፡ ኣዳለውቲ ኣባይቲን ዋኒነ ትካላትን ናይ ኣድልዎ ክሲ ክምስርት ይኽእል።

- King County Office of Civil Rights
  እዚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ክንዲ መንግስቲ ኪንግ ካውንቲን ከምኡ ድማ ኣስራሕትን ኣዳለውቲ ኣባይትን ከምኡ'እን ኣብ ዘይተጠርነፈ ክፋላት ናይ ኪንግ ካውንቲ ዘለዋ ዋኒነ ትካላት( ካብ ከተማታት ወጻኢ) ጥራይ ናይ ኣድልዎ መረረታት ክሪኢ ስልጣን ኣለዎ።

- Seattle Office for Civil Rights
  እዚ ቤት ጽሕፈት ኣንጻር ንዓኹም ዘባሳጩው ኣድልዎ  ኣብ ኣባይቲ፡ ስራሕ ወይ  ኣብ ኣብ ውሽጢ ደረታት ከተማ ናይ ሲያትል ዘለው ህዝባዊ ቦታታት ዝከላኸልልኩም ሕግታት ይዕቅብ።

- Spokane Police Department: ምምልካት ናይ ጽልእን ኣድልዎን ገበናት
  እዚ ገጽ፡ ሓበረታ ናይ ጽልኢ ገበን እንታይ እዩ ከምኡ'ውን ከመይ ገርካ ተመልክት ዝሓዘ እዩ።

- City of Spokane's Human Rights Commissionኣብ
  ከተማ እስፖከይን ትነብሩ እንተድኣ ኮንኩም እዚ ጉቡእ ኑቕጣ ናይ መራኸቢ እዩ። እዚ ገጽ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጥርዓናት ሓበረታ ይሕዝ።

- Spokane County Human Rights Task Force ቅጥዒ መመልከቲ ናይ ጽልኢ ተርእዮ
  እንተድኣ ኣብ ካልእ ቦታ ናይ ስፖከይን ካውንቲ ትቕመጡ ኮንኩም እዚ ጉቡእ ኑቕጣ ናይ መራኸቢ እዩ።

ፖሊሲ ቅርጺ ንምትሓዝን ንህዝቢ እንታይ የጋጥም ኣሎ ንምምሃርን ነዚ ተርእዮ ናብ ሓደ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ትካላት ኣመልክቱ። ናብ፡ ክትከዱ ትኽእሉ፡

- [ኣንጻር ጽልኢ ደው በሉ]
  Asian Americans Advancing Justice ን ተርእዮታት ኣድልዎ ይከታተል ኣሎ። ዘጋጠመኩምን ዝርኣኹሞን ብምክፋል፡ ንህዝቢ ክትምህሩ፡ ንካልኦት ከተሕይሉ፡ ን ኣቕረብቲ ኣገልግሎታት ኣበይ ሓገዝ የድሊን ክትሕብሩን ናይ ጥብቅና ተግባራት ንናይ ጽልኢ ገበናት ከተሕይሉን ትኽእሉ። ብ እንግሊዝ፡ ቻይና (ባህላውን ቀሊልን) ኮርያን ቬትናምን ቅጥዕታት ይርከቡ።
- [AAPI ቅጥዒ ናይ ጽልኢ ተርእዮታት]
  OCA –Asian Pacific American Advocates፡ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካዊን ቁጠባውን ውሕስነት ናይ ኤሳውያን ኣመሪካውያንን ናይ ደሰታት ፓስፊክ ነበርትን (AAPIs) ንምዕባይ ይውፈ። በዚ ቅጥዒ ጌርኩም ናይ ጽልኢ ተርእዮታት ምሕባር/ምእታው ኣብ ሙሉእ ሃገር  ኣብ ልዕሊ AAPIs  ዝግበር ጽልኢ ንምቁጽጻር  ንዓና OCA – Asian Pacific American Advocates ክሕግዘና እዩ።
- [ጽልኢ  AAPIደው ኣብል]
  Asian Pacific Policy and Planning Council (A3PCON) ከምኡ ድማ Chinese for Affirmative Action (CAA) ኣባላት ሕብረተሰብ ንዘጋጠሞም ጽልኢ ንምምልካት እዚ ናይ መመልከቲ ማእከል ኣበጊሶም ኣለዉ። ውልቃዊ ሓበረታ፡ ከም ዝርዝር ውልቃዊ መለለዪ፡ ምስጥራውያን ኮይኖም ክትሓዙ እዮም ከምኡ ድማ ብፍቓድ ጥራይ ንካልእ ክውሃቡ እዮም። ብኣጠቓላሊ፡ እዚ ሓበረታ፡ ን ደገፍ፡ ጥብቅናን ትምህርትን እዩ ከገልግል። ብ እንግሊዝ፡ ቬትናም፡ ቻይና፡ ኮርያ፡ ክመር፡ ታይን ጃፓንን ቕጥዕታት ይርከቡ።

ኣብ መጨረሽታ፡ Human Rights Campaign (HRC) ንግዳያት ናይ ጽልኢ ገበናት መምርሒ ኣለዎ፡ [እንተድኣ ግዳይ ናይ ጽልኢ ገበን ኮንካ እንታይ ትገብር]።